# ኣብ መዋእልና ካብ ዝተራእዩ ዝዓበየ ታሪኽ



## እዚ ናትካ ታሪኽ እዩ!

## ኣብ መዋእልና ካብ ዝተራእዩ ዝዓበየ ታሪኽ

እዚ ታሪኽ እዚ ዝዓበየ ታሪኽ ቅድሚ ሕጂ ካብ ዝተረእየ እዩ። እዚ እቲ ዝተፈተወን ዘስካሕክሕን ታሪኽ ኣብ ሓደ ዝጠመረ እዩ።እዚ ክእ ናትኩም ፣ ናተይ ፣ ናይ እግዚኣብሄር ታሪኽ እዩ፣

ካብ ፍቕሪ ዝተበገሰ እግዚኣብሄር ንዓና ብዙሕ ገበረልና። መጽሓፍ ቅዱስ ንዓና ዘደንቅ ሓቅታት የቕርበልና።እዚ ከኣ ነቲ ክሉ ዝፈጠረ ፍቑር ኣምላኽና የርእየና- ካብ መወዳእታ ዘይብሉ ጠፈር ስጋብ እቲ ደቂቕ ጻጸ። ብተወሳኺ ንሱ ንዓኹምን ንዓይን ዝፈጠረ።

እዚ ታሪኽ ኣብ ዝጀመረሉ እዋን፣ኩናት፣ዓመጽ፣ሕማም፣ከምኡ ውን ሓጥያት ኣይነበረን። ሰብ ኣብ ገነት ምስ ኣምላኹ ተወሃሂዱ ይነብር ነበረ።ኣምላኽ ንሰብ ብውህደት ምስኡ ክነብር ፈጠሮ።



ኣምላኽ ከኣ ዝገበሮ ዘበለ ኹሉ ረኣየ፣ እነሆ ብዙሕ ጽቡቕ ኮነ።


ዘፍጥረት 1፣31

## ግፍዓዊ መጥቃዕቲ

እቲ ዝዓበየ ዛንታ ታሪኽ ደቂ ሰብ ካብ መጀመርትኡ እዩ ተፈጺሙ። ወዲ ሰብ ባዕሉ ካብ ፍቑር ፈጣሪ ክፍለይ መሪጺ። ብመንገዱ ክእ ክከይድ ጀሚሩ።

ሳዕቤናቱ ናይ ውሳኔና ክእ ኣብ ዓለምና ኣብዚ እዋን እዚ ንሪኦ ኣለና። ኣብ ክንዲ ነንሕድሕድና ብሰላምን ስኒትን ንነብር ፣ብጽልኢ፣ ብቕንኢ፣ ብሕማምን ፣ኩናት ንሸገር ኣለና።

ኣሰር ናይዚ ኩሉ ግፍዒ ከኣ ብሰንኪ ናትና ውሽጣዊ ተነጽሎ ካብ ኣምላክና እዩ። ድሕሪኡ ግን ፣ንሕና ንባህታን ውሽጣዊ ሰላምን ንጥምት።ምስ ኣምላኽና ርክብ ብምፍጣር ጥራሕ እቲ ሓቀኛ ነጻነትን ሓጎስን ክንረክቦ ንኽእል።



ከምኡውን ተጽሒፉ ኣሎ፡ ሓደ እኳ ጻድቕ የልቦን፡ኩሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽውን ስኢኖም።

ሮሜ 3፣10+23

## እቲ ዝዓበየ ፍቕራዊ ታሪኽ

ኣምላኽና ስጋብ ሕጂ ዛገድ ብደቂ ሰባት ተራኢዩ ዘይፈልጥ ዝዓበየ ናይ ፍቕሪ ግብሪ ገበረልና ።ቅድሚ 2000 ዓመት፣ እየሱስ ናብዚ መሬት መጺኡ። ኩሉ ብዛዕብኡ ዘደንቕ ነበረ፣ ትውልዱ፣ሂወቱ፣ ሞቱ፣ ትንሳኤኡ። ንሱ ጥራሕ እዩ እቲ ፍጹም ዝኮነ ሂወት ዝነበረ።

መምዘኒ ኣምላኽና ጋሲናዩ ክነሓልፍ ኣይንኽእልን ! ኣምላኽና ቅዱስ እዩ ሓጥያት ከኣ ኣይጻወርን እዩ። ስለዝኾነ ከኣ ሂወት ንኽትረክብ ዕድል ተዋሂቡካ ኣሎ፣ እየሱስ ምእንታኻ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ስለዝኾነ ከኣ ይቕረ ተባሂልካ፣ንኩሉ ነገር። ስለዝኾነ ከኣ ሰላም ምስ ኣምላኽካን ውሽጣዊ ሂወትካን ።

እዚ እቲ ዝዓበየ ፍቕሪ ኣብ መዋእልና እዩ። እዚ ከኣ መሰረት ናይ ኣምላኽና መደብ ንዓና ከድሕነና እዩ። ሂወትካ ኣብ እኣዳው ኣምላኽ ኣቐምጣ ድሕሪኡ ንስካ ንምንታይ ኣብ መሬት ከምዘለኻን ናበይ ከምትኸይድን ትፈልጥ።



ኣምላኽ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘለኣለም ሕይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።

ወንጌል ዮውሃንስ 3፣16

## ምፍላጥ ኣምላኽና

እየሱስ እቲ ዝተሰበረ ርክብ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ደቂ ሰብን ክጽግን መጺኡ። እየሱስ ብዘይውዳእ ፍቕሪ ናኣካ ኣፍቀረካ፣ ኩሉ ዘለዎ ከኣ ሃበካ።

ኣብ ክንዲ ሓጥያትካ ከኣ መቕጻዕትኻ ተቐበልልካ ከምኡ ተዘይከውን ኔሩ እቲ ሓጥያት ንዓካ ካብ ኣምላኽ ምስ ፈለየካ ኔሩ። ይኹን ድኣ እንበር እዚ መወዳእታ ናይቲ ታሪኽ ኣይኮነን ።ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ፣ኣምላኽና ንወዱ ካብ ሞት ኣተንሰኦ።

ኣምላኽ ንዓኻ ይፈልጠካ እዩ።ናቱ መደብ ንዓካ እቲ ዝበለጸ እዩ።እየሱስ ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ኣብዚ ኣሎ።ንሱ ንዓኻ እቲ ኣድላዩ ውሳኔ ኣብ ሂወትካ ንክትውስን ይጽበየካ ኣሎ፣እንታይ ወሲንካ?



የሱስ ከኣ፡ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን።

ወንጌል የውሃንስ 14፣6

## እዚ ናትካ ውሳኔ እዩ

ብኸመይ ንዓኻ ኣብ መዋእል እቲ ዝዓበየ ታሪኽ ተዛዚሙ። እቲ ምርጫ ናትካ እዩ። ሂወትካ ንመዋእል ብሕማቕ ድዩ ዝውዳእ ወይስ ዘልኣለማዊ ሂወት ምስ ኣምላኽ?

እየሱስ ሓደ ክፋል ናይ ሂወትካ ክኸውን ይደልይ ኣሎ፣ሓጥያትካ ሓዲጉ ዘልኣለማዊን ውሽጣዊ ሂወት ይህበካ።ብመንገዲ እየሱስ ንስኻ ርክብ ምስ ኣምላኽ ክህልወካ ትኽእል ።እንተድኣ ክትስዕቦ ደሊኻ ሂወትካ ኣብ ኢዱ ኣንብሮ።ሂወትካ ኣብ ኢዱ ከተቐምጣ ትደልይ እንድሕር ኮንካ ስለዚ ሕጂ ጸልይ።



የሱስ ንስኻ ወዲ ኣምላኽ ምኻንካ ይኣምን። ስለ ሓጥያተይ ከምዝሞትካ ይኣምን። በጃኻ ይቕረ በለለይ እሞ ኣብ ልበይ ውሸጢ እቶ። ካብ ሞት ከምዝተንሳእካን ሕጂ ኣብዚ ከምዘለኻን ይኣምን። ንዓ እሞ መድሓንየይን ጎይታይን ኩን። ክስዕበካ ይደሊ እየ ኣሜን።

### እዚ መሰረት ናይ ክርስትያን ህይወት ኢዩ፣

1. **ጸሎት**- ምስ እግዚኣብሄር ተዛረብ ርክብ ግበር።
2. **መጽሓፍ ቅዱስ**- ብዛዕባ እግዚኣብሄን መንገዱን ንኽትመሃር ናይ እግዚኣብሄር ቃላት ኣንብብ።
3. **ቤተ ክርስትያን**- ምስ ካልኦት ክርስትያን ተራኺብን ምሕዝነት ፍጠርን።
4. **ምክፋል**- ወንጌልን ተሞክሮኻን ምስ ካልኦት።


**ንተወሳኪ ሓበሬታ፣** ወንጌላዉያን ዘርእሰናይ ባህታ

ቁ.ቴሌ- 076 537 31 68
ኪዳነ ብርሃነ ቁ.ቴሌ- 076 506 74 44
ጅሮም ፈረጃይ- 076 532 39 90
ኢ-ሜል- tigrinya@jesus.ch

**www.jesus.ch/tigrinya**



livenet.ch jesus.ch

Sprache/Language: Tigrinya - Eritrea

Symbols used with permisson of THE FOUR | **Bestellung Verteilschrift** / order tract here: **www.livenet.ch/shop**